*ሓዳስ ኤርትራ* 21/24 *ሚያዝያ* 2009

# *ሚ ዛ ን ወ ር ቂ*

3ይ-ክ4ይ ክፋል

ተስፋኣለም ገ/ስላሰ (ጫረ)

***ወያነ፣ ካብ ፈለማኡ ክብን ለጠቕን ዝብል ባህሪ ዝተዓደሎ ውድብ ምንባሩ ሕሉፍ ጉዕዞኡ ዝምስክሮ ሓቂ ኢዩ። ዝምዘን ምስ ግዜ ዝጸንዕ መርገጺ'ውን የብሉን። ብደቂቑ ከም ግዙፍ፣ ብፈኲሱ ከም ከቢድ ነብሱ ናይ ምርኣይን ምግላጽን ከቢድ ጸገም ዝነበሮ ውድብ'ውን ኢዩ። ዓቕሙ፣ ብቕዓቱ፣ ናይ ቃልሲ ብስለቱ፣ ብግዜያውነት ስምዒት ዝዕብለል ብምዃኑ፣ ኣብ ውሽጡ ይኹን ኣብ ናይ ቃልሲ ምሕዝነት ዝነበሮ ዝምድና፤ ከም ስኒ መጋዝ ኣታዊን ወጻእን እዩ። ኣብቲ ዝጐበዘን ዝተርንዐን ኮይኑ ዝስምዖ እዋን'ውን፣ ነተን መቓልስቱ ዝኾና ደሞክራስያውያን ሓይልታት ኢትዮጵያ ብግሁድን ብሱዉርን ካብ ምጥቃዕ ድሕር ኣይበለን። መኣስ ንዕኣን ጥራይ! ንህዝባዊ ግንባር ጋግዩ ኣብ ዘመተ ምቁንጻብን ምጽላምን ዘይወፈረ ኣይኮነን። ነዚ ንምንጻር ካብቲ ብዙሕ ውሑድ ኣብነት'ውን ክቐርብ ይኽእል እዩ።***




***ወያነ፣ ኣብ 1986 ናብ ህዝቢ ኤርትራ ዝቐንዐ፣ ሰፊሕ ናይ ጸለመ ዘመተ ወፍሪ ኣካይዱ። " ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ካበይ ንናበይ" ብዝብል ኣርእስቲ ዝተዳለወ ናይ 235 ገጻት ዝሓዘ ጽሑፍ ኣብ ርእሲ ምዝርግሑ፣ ህዝቢ ኤርትራ ብቓልሱ ከም ዝጠራጠርን ኣብ ዓወቱ ስግኣት ከምዘሕድርን ንምግባር ዝዓለመ ናይ ባዶሽ ስነ ሓሳብ ጕስጓሳዊ ወፍሪ'ውን ብመልክዕ ሰሚናር ኣካይዱ እዩ። ኣብቲ ንኤርትራውያን ተቐማጠ ሱዳን ካብ ዕለት 6 ክሳብ 8 ወርሒ ሰነ 1986 ንኣስታት 17 ሰዓታት ሰሚናር ዘካይድሎም እሞ፣ ንሓድሕዱ ዝገራጮ መግለጺኦም፣ ነዚ ዝስዕብ ሓቅታት ይመስል።***

*“ህዝባዊ ግንባር፣ ኣብ መሪሕነት ህወሓት ጽኑዕ ተቓውሞ ኣለዎ። ብመሰረቱ ናይ ርእሰ ውሳኔ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ኣይቅበልን እዩ። ደርግ ክሳብ ዘሎ ይኹን ድሕሪ ምውዳቕ ደርግ ሓንቲ ብሄር ንበይና ተፈልያ መንግስቲ ከተቑውም ኣይቅበልን እዩ። ልዕሊ ኹሉ፣ ኣብ ኢትዮጵያ ዋላ’ውን ደሞክራሲያዊ መንግስቲ እንተተኺሉ፣ ንትግራይ በይና ክትፍንጨል ኣይቅበልን እዩ። በዚ ህዝባዊ ግንባር ደሞክራሲያዊ ኣረኣእያ ኣሎ ኣይበሃልን እዩ። ህዝባዊ ግንባር፣ ካብ 1980- ኣትሒዙ ብርኽዋዊ ከም ዝኾነ ተፈሊጡ ነይሩ። ካብ ሎሚ ንንየው ንደርባዊ ረብሓ ክይትንከፍ ዝበሃል ምዕቃብ ዝባሃል የለን። እዚ ውዱብ እዚ ብመሰረቱ ክዕወት ዘይክእለሉ ምኽንያት፣-*

*- ህዝባዊ ግንባር፣ ኣንጻር ሃጺያዊት ሶቬት ብምኻኑ -መሰል ርእሰ ውሳኔ ናይ ብሄራት ስለ ዘይኣምን፣ ተንቀሳቓሲ ቅዲ ኲናት ስለዘይክተልን ጉጉይ ወተሃደራዊ ስትራተጂ ስለዝጥቀም፣ ደጀን ኢሉ ኣብ ጉቦ ሒዙ ኮፍ ስለ ዝብልን ደንበርበር ክብል ኪነብር እዩ።* …….

ብዝብል ትንታነ ገሊጽዎ፣ ንህዝባዊ ግንባር -ወያነ፣፣

ወያነ፣ በዚ ጕስጓስ ዝተሓጽረ ወፍሪ ጥራይ ኣይኮነን ኣካይዱ። ነቶም ኣብ መሬት ሱዳን ዝነበሩ መንእሰያት ኤርትራውያን ይኹን ብመገዲ ትግራይ ናብ ቃልሲ ክጽንበሩ ዝሰግሩ ዝነበሩ ዜጋታትን፣ “ናይ ተሃድሶ መደብ” ኢሉ፣ ኣብ ዝሰመዮ ቤት ትምህርቲ’ውን ብካድራቱ፣ ኣንጻር ህዝባዊ ግንባር ዘመተ ዘየካየደ ኣይኮነን። ኣብቲ ብካድራቱ ዝቐርብ ዝነበረ መግለጺታት ከኣ፣ ንህዝባዊ ግንባርን ካልኦት ኣብ ኢትዮጵያ ዝነበራ ደሞክራሲያውያን ውዱባትን ብምዝርዛር፤ እታ እንኮ፣ ቅንዕትን እትዕወትን ውዱብ፣ “ህወሓት” ምዃና ካብ ምግላጽ ኣይተቖጠበን። ኣረኣእያ መንእሰያትን ናይ ቃልሲ ወኒን ንምጥፋእ ኣብ ልዕሊ ህዝባዊ ግንባር ጠቐነታት ኣካይዱ እዩ። ህዝባዊ ግንባር፣ ንደቂቕ ዕላማኦምን ሓሳባቶም ብዝግባእ እኳ ይከታተሎም እንተነበረ፣ በቲ ወፍርን ዘመተታትን ብዙሕ ኣይተገረመን። ምኽንያቱ ኣብ መዝገቡ ዝሰፈረ ሓቅታት ስለ ዝነበሮ። ነቲ ዓቕሚ ዘመተ ከተዓባብዮ ስለ ዘይደለየ’ውን ንተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር ኣይገለጸን። ምኽንያቱ፣ ህዝባዊ ግንባር እንታይነቶም ዓቕሞምን ስለ ዝፈልጥ!



*ናብ ብጾት ማእከልነት ህወሓት*

*ሰውራዊ ሰላምታና ድሕሪ ምቕባልኩም ኣብ ሰውራዊ ጉዕዞኹም ዓቢ ኣሳልጦ ትረኽቡ ንኽትህልዉ ዓቢ ምንዮትናዩ። ኣስዒብና ከኣ ብዛዕባ እቶም ከቢድ ብረት ንኽመሃሩ ዝለኣኹሞም፣ ብዕለት 21 ነሓሰ 1979 ጀሚሮም ባሕቲ ጥቅምቲ 1979 ወዲኦም ናባኹም ንልእኮም ከም ዘለና ነፍልጠኩም። ዝተማሃሩዎ ዓይነታት ብረት*

*1 ረሻሽ - ማሺንጋን ሩሲያ -ማሺንጋን ኣመሪካ ግሬኖቭ - ብራውን- ዶሽካ፣ ዓሰርተ ኣርባዕተ ነጥቢ ሓሙሽተ ሚሊ ሜተር፣ 20 ሚሊ ሜተር፣ 23 ሚሊ ሜተር*

*2 ሞርታር - ናይ 2 ኢንች፣ 60 ሚሊ ሜተር፣ ናይ 81 ሚሊ ሜተር፣ ናይ ኣርባዕተ ነጥቢ ክልተ ሚ.ሜ፣ ናይ 120 ሚሊ ሜተር፣ ከምኡ'ውን ኮምፓስን ወተሃደራዊ መነጸርን*

*3 መድፍዕ ናይ 57 ሚሊ ሜተር፣ 75 ሚሊ ሜተር፣ 82 ሚሊ ሜተር፣ 106 ሚሊ ሜተር፣ 122 ሚሊ ሜተር ከምኡ'ውን ናይ 76 ሚሊ ሜተር*

*ብሓፈሽኡ ንኹሎም ዝተዋህበ ትምህርቲ እንተድኣ ኮይኑ ከኣ፣ ካብ ታንክታት ረሻሽ ከመይ ጌርካ ከም እትወጽእን ንብጾትካ ከመይ ከም እትምህር፤ ኣብ ህጹጽ ኩነታት ብኸመይ ፋሕ ኣቢልካ ተግጥምን ወዘተ ተማሂሮም።*

*ኣብ ክንዲ ብኮለይ መጺኦም ዝምለሱ ኣዕጢቕካ ምፍናው ይሓይሽ ብምባል ካላሽን ሂብናዮም ኣሎና።*

*ዓወት ንሓፋሽ*

*ማ/ ወተሃተደራዊ ቤት ጽሕፈት*
*18 10 1979*



ህዝባዊ ግንባር፣ ነዚ ሓቅታት ስለ ዝፈልጥ፣ ኣብ ሜዳ ቃልሲ ምሂሩ "ምሂረ" ከይበለ ወተሃደራዊ ዓቕሚን ኣድማስ ንቕሓትን ከም ግናዕ ኢዱ ስለ ዝፈልጥ፣ ነቲ ኣንጻር ቃልሱ ዝካየድ ዝነበረ ዘመተታት ወያነ ብዙሕ ግዲ ክገበረሉ ኣይተራእየን። ግዜኡ ብከንቱ ከህልኽ'ውን ኣይመረጸን። ኣብ ሜዳ ኤርትራ ወተሃደራውን ፖለቲካውን ትምህርቲ ኣብ ዝለዓለ ትንተና ዘብጽሐ ህዝባዊ ግንባር፣ ንተግባራት ወያነ ኬይመለሰ ስራሑ ጥራይ ክግበር እዩ መሪጹ።

ነቲ ንዓመታት ከጽንዖን ክመራመረሉን ዝሓገየን ዝኸረመን ምብቃዕ ካብ መድረኽ ጃላነት ናብ መድረኽ ምጥቃዕ ብምስግጋር ዓበይቲ ዓወታት ክሓፍስ ኣይተጸገመን። እቲ ኣብ ታሪኽ ወተሃደራዊ ዓለም ምስ በርቃውያንን ቀዳሞትን ገዝፍቲ ዓወታት ዝጸብጸብ ምድምሳስ ናደው እዚ፣ ወያነ ኣብ ልዕሊ ህዝባዊ ግንባር ዘመተ ኣብዘካይደሉ ዝነበረ እዩ ተፈጺሙ። እቲ ዓወት እቲ ግደፍ ክውዕዮም ብማክንካ ክዝሕሎም ብኢዶም፣ ክደኹም ምርኩስ ዝሕዙ ቁሩብ ትንፋስ ክረኽቡ ምርኩስ ዝድርብዩ ወያነ፣ ኣቓልቦ ማዕከናት ዜና ዓለም ዝገዝአ ፍጻሜ እዩ።

ወያነ፣ ነቲ ብቑሉዕን ብስዉርን ኣንጻር ህዝባዊ ግንባርን ብዓቢኡ ኣብ ወተሃደራዊ ስትራተጂኡ ኣይዕወትን እዩ ዝብሎ ዝነበረ፣ ልዕሊ ዋና ኣባኋይላ ኮይኑ፣ ንዓወታት ምሕራር ከተማ ኣፍዓበትን ምድምሳስ ናደው እዝን ከቃልሕን ተሰሚዑ። ኣይጸንሐን'ውን ብዘይሕንከት ናብ ህዝባዊ ግንባር ተጸጊዑ። ወያነ፣ ክኢለዮን ፈሊጠዮን ኢሉ ዝተሓረሞ ምኽሪ ህዝባዊ ግንባር ምሕዝነትን ኣብ ሓድነትን ምስ ደሞክራሲያውያን ሓይልታት ኢትዮጵያ ከም መተካእታ ዘይብሉ ሓሳብ ተቐቢሉ ክሰርሕ ተገዲዱ። ዋላ'ኳ እቲ ተናኻሲን ካብ ስምዒተ ነብሰ ምትሓት ዝብገስ ባህሪ ዘይኮንካዮ ምኽኣን እንተነበሮ። ንናይ ሓባር ጸላኢ ብሓባር ንምቕላዕ፣ ህዝባዊ ግንባር፣ ንደርግ ንምህራም፣ ድሕሪ እቲ ዘይዕገት ሓይሊ መጥቃዕቱ ምብጋሱ፣ ሜካናዝድ ኣጽዋር ኣኸቲቱ እዩ ንኢሂወደግ ናብ ዛዛሚ ናይ ኣዲስ ኣበባ መጥቃዕቲ ብዓወት ኣብጺሕዎ።

ድሕሪ ናጽነት፣ ህዝባዊ ግንባር፣ ነቲ ካብ መንቅሎኡ ዝኣምነሉ ዝተመርሓሉን ስትራተጂያዊ ዝምድናታት ህዝቢታት ኤርትራን ኢትዮጵያን እዩ ኣበርቲዑ ክሰርሕ ተራእዩ። እቲ ገዚፍ ብተኸታተልቲ ስርዓት ኢትዮጵያ ከም መጋበሪያ ፖለቲካ ዝቐርብ ዝነበረ ኣፍደገ ባሕሪ'ውን ቅድሚ ሓርነት ኣትሒዙ እዩ ሓሲብሉ። ኣብ 1990 ናጽነት ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ቀረባ ርሕቀት ኣብ ዝተጸግዓሉ'ውን፣ ህዝባዊ ግንባር ነዚ ሕቶ ኣልዒሉ ዝግባእ ምላሽ ሂቡሉ እዩ። ብምኽንያት ዝኽሪ 1መስከረም ምጅማር ዕጥቃዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ተጋዳላይ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ምስ ድምጺ ሓፋሽ ኤርትራ ኣብ ዝገበሮ ቃለ መሕተት፣ ንሕቶ ኣፍደገ ባሕሪ ከምዚ ክብል እዩ መሊስዎ።

> *"ኣፍደገ ባሕሪ ቅድሚ ሕጂ ይኹን ዋላ ሕጂ'ውን፣ ደርግን ንደርግን ዝመስሉ ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ዝንሳጉስሉ ዘለዉ፣ ኣብዚ እዋን እዚ፣ ብፍላይ ድሕሪ ናይ ባጽዕ ኣብ ትሕቲ ምቁጽጻር ህግ ምእታዉ፣ ከም መጕሳገሲ ምቹእ ባይታ ረኺብናሉ ኢሎም፣ ዝደፍእሉ ዘለዉ'ዮም። "ከምዛ ትርእዩዋ ዘለኹም እያ። ጽባሕ ንግሆ ዓሰብ እንተተዓጽያ ዝብኣዕ የለ ዝስተ የለን ተሓኒቕና ኪንመውት ኢና።" ዝብል ናይ ስግኣት ስምዒት ኣሕዲርካ፣ ኣብዚ ዝካየድ ዘሎ ኲናት ኣብ ጐኒ እቲ ስርዓትን ሰራዊትን ከም ዝስለፍ ምግባር እዩ። ነቲ ህዝቢ ቀጻሊ ይስርሓሉ ኣሎ። እዚ ስርዓት እዚ ካልኦት ነቲ ስርዓት ዝተሓባበሩ ሓይልታት'ውን ዘመተታት የካይድሉ ኣለዉ።*
>
> *" ኣረኣእያ ህዝባዊ ግንባር ቅድሚ ሕጂ ኣብ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚ ከም ዝተገልጸ፣ ናይ ባሕሪ መስኰት ከም መሳርሒ ናይ መሕነቚ ወይ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ናብ ጥምየትን ድኽነትን ድንቁርናን ከም ዝነብር ንምግባር፣ ኩሉ ናይ ባሕሪ ማዕጾታት ዓጺኻ ምቕታል ዝበሃል ኣተሓሳስባ የለን። ኣብ መንጐ ህዝቢ ኤርትራን ህዝቢ ኢትዮጵያን ምሉእ ጥዕና ዘለዎ ጥዑይ ዝምድና ኪምስረት ኣለዎ ዝብል ኣተሓሳስባ'ዩ ዘሎ። መጀመርያ መግዛእቲ ስርዓታት ዝፈጠርዎ ጽልኢ ኣብ መንጐ ክልቲኡ ህዝቢታት፣ ክሕጸብ ክኽእል ኣለዎ። እዚ ጽልኢ እዚ ዝሕጸብ ብሓደ መዓልቲ ወይ ሓደ ለይቲ ኣይኮነን። ደም ፈሲስዎ እዩ። ማእለያ ዘይብሉ ዕንወት ተፈጢሩዎ እዩ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ስድራቤት፣ ዘይተቐትለ፣ ዘይተመዛበለ፣ ስድራቤት፣ ኣብ ድኽነትን ውርደትን ከርተት ዘይበለ ስድራቤት የለን። ኣብ ኤርትራ፣ እዚ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ዝተፈላለዩ ስርዓታት ዝፈጠሩዎ ስምዒታት ብሓደ ለይቲ ወይ መዓልቲ፣ ማይ ድጋም ንጽግ ንጽግ ኣቢልካ ዝሕጸብ ነገር ኣይኮነን። ናይ ብሓቂ ኣብ መንጐ ክልተኡ ህዝቢታት እዚ መሪር ስምዒት ክሕጸበሉ ዝኽእል ሃዋህው ክፍጠር ኣለዎ። ስለዚ፣ ኣብ መንጐ ክልተኦም ህዝቢታት ብዛዕባ ክህልው ዝኽእል ናይ ምትሕግጋዝ ዝምድና፣ ኣብ ሓደ ጂኦግራፊያዊ ኣከባቢ፣ ኣብ ሓደ ዞባ ንነብር ህዝቢታት*

*ብምኽንና፣ ፈቲናዮ ጸሊእናዮ መጻኢ ወለዶታት ኣብ ንሓድሕዱ ብሰላም ክነብረሉ ዝኽእል ሃዋህው ክፍጥር ክኽእል ኣለዎ።”*

ድሕሪ ሓርነት'ውን፣ ካብ ቅድም ዝኣምነሉ ዝተኸተሎ ኣመለኻኽታ ኣይቀየሮን። ካብ ጽባሕ ናጽነት ኣትሒዙ ከኣ ንመስኲት ባሕሪ ህዝቢ ኢትዮጵያ፣ ካብ ድኽነትን ዝናገፈሉ ቁጠባኡ ዘዕብየሉ በሪ ክኸውን እዩ ሰሪሕሉ። ነዚ ሓቂ ዝምስክር፣ ኣምባሳደር ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ ዝነበረ ኣውዓሎም ወልዱ ኢዩ። ኣምባሳደር ኣውዓሎም ወልዱ፣ ኣብ ቀዳሞት ዓመታት ሓርነት ኤርትራ፣ ከም ወኪል ኢ.ህወድግ ኣብ ወደብ ዓሰብ ኮይኑ ዝሰርሓን ካብ ኣባላት ፖሊት ቢሮ ህወሓት ዝነበረን እዩ።

ኣምባሳደር ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ ዝነበረ ኣውዓሎም ወልዱ፣ ኣብ ቀዳሞት ዓመታት ሓርነት ኤርትራ፣ ወኪል ህወድግ ኣብ ወደብ ዓሰብ ኮይኑ ኣብ ዝሰርሓሉ ዝነበረ ዓመታት፣ ዝርዝር ሰነዳት ብምውካስ ነቲ ዘይቁጡብ ደገፍ ግዜያዊ መንግስቲ ኤርትራ ንህዝቢታት ኢትዮጵያ ብመልክዕ ጸብጻብ ዝሓዞ ሰነድ ነይርዎ። ኣብ ሓደ ኣጋጣሚ'ውን፣ ንጥፈታት ወደብ ዓሰብ ንህዝቢታት ኢትዮጵያ ከመይ ኣሎ? ንዝብል ሕቶ ከምዚ ክብል እዩ ገሊጽዎ፣



ኣውዓሎም ወልዱ


*“መራኽብ ኢትዮጵያ ንዓሰብ ናጻ ኪግልገላሉ፣ ብፍላይ ንናይና መራኽብ ተፈልዩን ተራእዩን ዝእንገደሉ ኩነታት ኣሎ። ሓደ መርከብ ኢትዮጵያ በቲ ኣብ ዓሰብ ዘሎ መራክብ ዝረኽብኦ ግልጋሎት ካልኦት መራኽብ፣ በቲ ህዝቢ ኤርትራ ጥቕሚ ከውዕል ዝኽእል ብናይ ወጻኢ ሸርፊ፣ እቲ ዝኸፈል ክፍሊት ኣሎ። ብኣንጻሩ መራኽብ ኢትዮጵያ ተሪኢና ግን፣ ኣብዚ መራኽብ ኢትዮጵያ ዝኸፍልኦ፣ ክፍሊት ግን ብቕርሺ ኢትዮጵያ እዩ። እዚ ከኣ፣ ኣብ መንጐ ክልተኡ ህዝቢታት ብዝተገብረ፣ ስምምዕን ነቲ ዘሎ ኢኮኖሚያዊ ኩነታት ናይ ህዝቢ ኢትዮጵያ፣ ካብቲ ዘለዎ ዓዘቕቲ ኩነታትን፣ እዚ ከምዚ ክፍሊት ንገዛእ ርእሱ ከምጽኦ ዝኽእል ጸገም መበገሲ ብምግባር፣ ግዚያዊ መንግስቲ ኤርትራ፣ ብመሪሕነት ህዝባዊ ግንባር፣ ኣቢሉ ስምምዕነት ዝበጽሖ ጉዳይ ማለት እዩ። በዚ መሰረት መራኽብ ብቐጥታ ናብዚ ኪመጻ ከለዋ እቲ ዝኸፍልኦ ናይ ወደብ ግልጋሎት፣ ብቕርሺ ኢትዮጵያ ይኸውን ኣሎ። እዚ ንባዕሉ ዝተፈለየ ግልጋሎት እዩ። ካብቲ ካልእ ብፍሉይ የቐምጦ ማለት እዩ። ብመሰረት እቲ መንግስቲ መራኽብ ክእንገዳ ከለዋ እቲ ዝረኽብኦ ግልጋሎት፣ ክፍሊት ኣቐዲመን ክኸፍላ ኣለወን። እዚ ኣሰራርሓ'ዩ። እቲ ምእንጋድ መራኽብ ኢትዮጵያ ጥራይ ዘይኮነ፣ ነተን ካልኦት ካብ ካልኦት ሃገራት ዝመጻ'ውን እዩ። ብሓደ ሓደ ምኽንያታት፣ ኣቐዲሙ ዘይተኸፍለ ክፍሊት ናይቲ ወደብ ግልጋሎት፣ መራኽብ ኢትዮጵያ፣ እንተዘይተኸፍለ'ውን፣ ዝሓለፉ ጉዳይ እንተርኢናዮስ፣ ክሳብ ከይከፈልካ መራኽብ ክራገፋ ጸገም ህዝቢ ኢትዮጵያ ከይበጽሕ ብምባል ብሓልዮት ዝተገብረ፣ እዋናውን ንእሽቶ ኮይኑ ኣይስምዓንን። ኣነ ንባዕለይ ኣብ ዝነበርኩሉ እዋን'ውን፣ ከምዚ ኣጋጣሚ ኣብ ዝተረኽበሉ እዋን'ውን ስጋዕ ክንዲዚ ምትእንጋድ ኔሩ እዩ። ሕዚ'ውን እንተኾነ ንዓሰብ ከምቲ ህዝባዊ ግንባር ዘቐመጦ ፖሊሲ መሰረት ብ20 መራኽብ፣ ኣብ ዝሓጸረ እዋናት ንህዝቢ ኢትዮጵያ ከገልግሉ ዝኽእሉ ንብረት ኣብ ምእታው ይርከቡ ምኽኖም ክረጋገጹ ዝኽእሉ ጉዳይ'ዩ። እዚ'ውን፣ ዓሰብ ከም ዝሓለፈ እዋን ደርግ ዝነበረ፣ መራገፊት ኣጽዋር ንህዝቢ መደብደቢ፣ መራገፊት ክዳውንቲ ናይ ሰራዊት ንህዝቢ ዝጭፍጭፉ፣ መራገፊት ብሽም ኢትዮጵያ ዝመጸ ሓገዛት ግን ኣብ ሰራዊት ዝውዕል ዘይኮነስ፣ ሕዚ ንዓሰብ ንጥቕምታት ህዝቢ ኢትዮጵያ ዝውዕል መራገፊ ኮይኑ ይርከብ።”*

ህዝባዊ ግንባር፣ ካብቲ ሓሲቡ ዝብሎ ቃል ኣይዓጽፍን እዩ። መሰረታዊ መትከላቱ ብግዜ ዝኣርጉ ዓለባ ኣይኮኑን። ንርሑቕ ዕላማን ኣብ መጻኢ ዝጥምቱ፣ ዝሓስቡን ዘስርሑን ብምዃኖም ከኣ፣ ቃሉ ንስለ ቃል ዘይኮነ ብግብሪ እዩ ዝሰርሕ። ኣረኣእያኡ ብወቕታዊ ሓሳብ ዝግዝኡን ከም ቆጽሊ ገረብ ብሓጋይ ዝረግፉን ኣብ ክረምቲ ዘጉላዕልዑን ኣይኮኑን። ብኣንጻሩ፣ ወያኔ ካብ ውሽጦም ዘይነቅል ሓሳባትን ጽኑዕ እምነትን ዜይብሎም ብምዃኖም፣ ከሪሙ ዝሓግይ ቃልን ተግባርን ኣይትረኽበሎምን ኢኻ።

ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ መለስ ዜናዊ፣ *"ቁስሊ ከምዘለኩም እፈልጥ። ግን ቁስልና ክንሓክኽ የብልናን"* ክብል ዘይናይ ምልኣት ልቢ ኣብ መዲና ኣስመራ ገሊጹ ነይሩ። ቃል ህዝባዊ ግንባር ግን፣ ካብ ምልኣት ውሽጢ እዩ ዝብገስ። ነቲ ዝበሎ'ውን ክትግብሮ ዕጥይ ምጥይ ኣይብልን እዩ። ንስለ ረብሓን ጥዑይ ዝምድና መጻኢ ወለዶታት ክልተኡ ህዝቢታት ልዕሊ ዓቐን ሓለፋ ብዘለዎ መገዲ ክሰርሕ'ውን እዩ ተራእዩ። ኣምባሳደር ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ ዝነበረ ኣውዓሎም ወልዱ፣ ነቲ ግዜያዊ መንስግቲ ኤርትራ ኣብ ወደባት ኤርትራ ንረብሓ ህዝቢ ኢትዮጵያ ዝህቦ ዝነበረ ሓለፋታት ብኸምዚ እዩ ዝገልጾ፣-

> *"ካብ* 1 *ሰነ ክሳብ* 20 *ሓምለ ንወርሒን* 20 *መዓልቲን ዝኣክል፣ ቅድሚ* 5 *መዓልቲ ኣቢሉ፣ ኣብ ዘሎ ግዜ ካብ ወደብ ዓሰብ፣ ናብ ኢትዮጵያ ናብ ዝተፈላለያ ክፍላተ ሃገራት፣ ማዳበርያን፣ ስርናይ፣ ጨው፣ ነዳድን እናተጐዓዓዘ ጸኒሑ። እዚ ምጉዕዓዝ እዚ፣ ካብ ዓሰብ ናብ ክፍለ ሃገር ኢትዮጵያ ክንገልጽ ከለና፣ እዚ ምምልላስ እዚ፣ ብኢህወደግ ዝተፈጸመ ኣይኮነን። ብኹሉም መሓውራት ዓሰብ ህዝባዊ ግንባር'ዩ። ካብ ወደብ ጀሚሩ፣ ማሪታይም፣ ካብኡ ከኣ ምምሕዳር ዓሰብ፣ ክሳብ እቲ ለይትን ቀትርን ዝሰርሕ ዘሎ ኣብ ብሎኮ ዘሎ ተጋዳላይ ህዝባዊ ግንባር ናቱ ኢድን ተራን ዝኣተዎ ስርሓት ኣሎ። እዚኦም ኩሎም መሓውራትን ኣብዚ ደረጃ ዘለዉ ኣሳለጥትን ሰራሕትን ኢዶም ክዝከር ይግባእ ማለት እዩ። በዚ መሰረት፣ ካብ ሰነ* 1 *ክሳብ* 20 *ሓምለ ኣብ ዘሎ ግዜ መዳበርያ፣ ብብዝሒ መካይን ክጥቀስ ተኸይኑ፣ ብወርሒ* 2399 *መኪና፣ ዳርጋ ናብ ኣስታት* 58399 *ኩንታል፣* 1358 *መኪና* 3647 *ሽሕ ክንታል፣* 1674 *መኪና ብጠቕላላ ደረቕ ጽዕነት* 3824 *መኪና ብምንቅስቓስ* 99491 *ሽሕ ኩንታል፣* 1 *ሚልዮን ዝኣክል ደረቕ ጽዕነት ኣብዚ ወርሒን* 20 *መዓልትን ተመላሊሱ። ብተመሳሳላይ መገዲ ከምቲ ዓንተቦ ዝበልኩዎ* 1638 *ቦጥ* 57 *ሽሕ* 520 *ሜተር ኲዩብ ኣዋህሊለን ኣለዋ።"*

ህዝባዊ ግንባር፣ ድሕሪ ናጽነት'ውን እንተኾነ ኣብቲ ርጉእን ዘይቕየርን መርገጺ እዩ ጸኒዑ። ኣብ ህዝቢታት ኢትዮጵያ እንኮ ዝነበሮ ኣመለኻኽታ ንጹር እዩ። ሓድነት እዩ። ምቕራሐ ጸጋታት እታ ሃገር፣ ፖለቲካዊ ናጽነት ብሄራት ኣብ ሓድነት ዝተመርኰሰ ገስጋስ ንኸሕይል፣ ዓቕሙ ብዝፈቕዶ ብምጥቃም መስኰት ባሕርታት ኤርትራ ዝከኣሎን ኣበርቲዑን እዩ ክሰርሕ ተራእዩ። ኣብ ኢትዮጵያ ብሄራዊ ምዕሩይነትን ደሞክራሲን ክሰፍን ጽዒሩ። እቲ መርገጺ ወይ ሓሳብ ግን ሓድሽ ኣይኮነን። በብግዜኡን ኣብ በበይኖም ኣጋጣሚታትን ዋላ'ኳ መሪሕነት ህወሓት ድሓር'ውን ማለሊት ዘይድግፍዎ እንተነበሩ፣ ንሓድነቶም ዝድርኹ ሓሳባት ካብ ምምንጫውን ምምእዛን ኣይሰልከየን። ተጋዳላይ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ 1990 ምስ ድምጺ ሓፋሽ ኣብ ዘካየዶ ቃለ መሕተት ከምዚ ክብል ናይ ወትሩን ዘይቕየርን ኣመለኻኽታ ህዝባዊ ግንባር ገሊጹ ነይሩ።



*“ኣብዚ ሓንቲ ነገር ክት ፍለጥ ኣለዋ። ኩሉ ብሄራዊ ምንቅስቓስ ብፍላይ እቲ ኣብ ልዕሊኡ ዘሎ ጭቆናን ግፍዒን ንዕቐትን ኣብ ዝመረረሉ ደረጃ ዝህሉ ኣተሓሳስባ፣ ምንጻል ጥራይ ወይ ተፈሊ ምንባር እዩ። ኣብነታት ክንጠቅስ እንተኮይንና፣ ኣብ ውሽጢ ሕብረት ሶቭየት ዝርአ ዘሎ ናይ ምብትታን ተርእዮታት ኣብ ካልኦት ኤውሮጳ ዝርአ፣ ናይ ምብትታን ተኽእሎታት ኣብ 3ይ ዓለም፣ ናይ ምንጻል ስምዒታት ዘመሓላለፎ ስምዒት ኣሎ። ካብኡ ንርድኦ ብጸቕጥን ሓይልን እናኰብኰብካ፣ ዝጥርነፍ ህዝቢታት የለን። ከምኡ ጌርካ እንተተፈጢሩ ዘምጽኦ ሳዕቤን ናይ ምንጻል ድሌት ወይ ተፈሊኻ ክትነብር ምምራጽ ጥራይ እዩ ክኸውን። ስለዚ ነዚ ውሁብ ኩነታት ምፍላይ ኣብ ዓለም ከምኡ ኢሉ ጥራይ ክነብር ይኽእል እዩ’ ዝብል ኣተሓሳስባታት ኣሎ። ምኽንያቱ፣ እዚ ስርዓት እዚ እንተኣልዩ፣ ናይ ህዝቢ ኦሮሞ ጉዳይ፣ ናይ ህዝቢ ሶማል ጉዳይ፣ ናይ ዓፈር፣ ናይ ዝተፈላለዩ ንኣሽቱ ዝበሃሉ ብሄራት ሕቶ፣ ናይ ኣምሓሩ፣ ናይ ትግራይ ሕቶ ብኸመይ ክፍትሑ ኣብ ዝብል ጉዳይ ወይ ሕቶ፣ እንተኣቲና፣ መጀመርያ እዘን ሓይልታት እዚአን ነናተን ሕግታት ወይ ትካላት ነዚ ሓድነት ዝባሃል ሕቶ ብሕጋዊ መገዲ ክምልሸኦ ክኽእላ ኣለወን።”*

እምነትን ኣረኣእያን ህዝባዊ ግንባር፣ ዝቐየር ኣይኮነን። ድሕሪ ምውዳቕ ስርዓት ደርግ እቲ ሓቂ ኣይተሰበረን። ዋላ’ኳ ወያነ፣ ድሕሪ ክንደይ ውረድ ደይብን ዘይሕለል ጻዕሪ ህዝባዊ ግንባር ምስ ደሞክራሲያውያን ሓይልታት ኢትዮጵያ ሰሚሩ ብኢሂወደግ ናብ ስልጣን እንተተሰቐለ፣ ናብቲ ካብ ነብሰ ምትሓት ዝብገስ ናይ ምንጻልን ተፈሊኻ በይንኻ ምንባር ዝብል ሓሳብ ክደግሞ ጥራይ ኢዩ ተራእዩ። መንግስቲ ተኺሉ’ውን ነቲ ሓሳብ ዝፈቅድ ናይ ብሄራት ምንጻል ብመሰል ርእሰ ውሳኔ ዝብል ሓሳብ ግን ከኣ ንሓድነት ህዝቢታት ኢትዮጵያ ዝዘርግ፣ ብስም ዘይቡስልን ዘይቅርዑይን ኣምራት ደሞክራሲ ከተግብር ተራእዩ። እቲ፣ ብዝተፈላልዩ ገዛእቲ ዝተፈጥረ ሽግራት ኣብ ህዝቢ ኣብ ክንዲ ምፍታሕ ንምግዳዱ ዝተገብረ መርሓ፣ ህዝባዊ ግንባር ብመትከል ኣይተቐበሎን። ምኽንያቱ፣ እቲ ቅድም ካብ ምንቃል ቃልሲታት ደሞክራሲያውያን ሓይልታት ኣትሒዙ ዝኣምነሉን ንምምዕባሉ ዝሰርሓሉን ውህደት ሓይሊ’ዩ- ሓድነት፣ ናይ ኩለን ደሞክራሲያውያን ሓይልታት ህዝቢ ኢትዮጵያን ዝብል።



ህዝባዊ ግንባር፣ ድሕሪ ናጽነት’ውን ነቲ ርጉእ ኣረኣእያኡ ኣብ ህዝቢታት ኢትዮጵያ ኣይቀየረን። ማዕረ ዕድል ንኹሎም ዜጋታት፣ ብምዕሩይን ቅኑዕን ምቕራሐ ጸጋታት ሃገር፣ ብዝብል ኣረኣእያ፣ ማዕረ ዕድላት ንኹሉ ዝብል ኣሰራርሓ ንኽነግስ፣ ወሳኒን ሓጋዚን ተራ ተጻዊቱ። ኣፍደገ ባሕሪ ኤርትራ ኸኣ፣ ንመላእ ህዝቢ ኢትዮጵያ ብሓደ ዓይኒ ዝርእይን ዝሰርሕን ክኸውን ጥራይ እዩ ኣርሒዎ። ዘይከም ድሌት ወያነ፣ ናብ ጸቢብን ፈላላይን፣ ንመጕምጀዊ ውሑዳትን ሰብ ግዜ ክሰርሓሉ ኣይፈቐደን- እምነቱን መርገጺኡን ብሓደ ዓይኒ ንመላእ ህዝቢ ኢትዮጵያ ስለ ዝርእይን ዝሰርሕን።